# ኣብ ሽወደን ንስራሕ ኣብ ትዳለወሉ

ቅድሚ ናብ ሽወደን ምግዓዝካ ወይ ምምጻእካ ኣብ ሃገርካ ሰሪሕካ ትፈልጥ እንተ ኾይንካ፣ ተመክሮታትካ ኣብ ሽወደን ከመይ ገርካ ከምእትጥቀመሉ ክትፈልጥ ትደሊ`ዶ?

ኣብ ዓንኬል ወይ ክሊ ሙያኻ ክትዓሞምን ክትሰርሑምን እትኽእል ስረሓት ዝምልከት ነብሰ-ገምጋም ትገብር፡፡ ምስኡ ተተሓሒዙ ኣብ ሽወደን ስራሕ ንኽትረክብ ክተማልኦም ዘለካ ነገራት ዝምልከት ስእሊ ወይ መረዳእታ ትረክብ።

እቲ ነብሰ-ገምጋም ፎርም ብምምላእ ኢዩ ዝግበር፡፡ እቲ ፎርም ምስቲ ኣብ ሽወደን ዝርከብ ጠለብ-ስራሕ ዝተተሓሓዘ ኢዩ፡፡ ናይ ስራሕ ተመክሮኻ ኣብ ምልላይ ምስ ቤት-ጽሕፈት ስራሕ (ኣርበትስፎርመድሊንገን) ብምዃን፡ ኣብ ምድላው ሞያኻ ክንደይ ግዜ ከም ዝወስደልካ ክትፈልጥ ትኽእል ኢኻ። ከምኡ`ውን ተሞክሮታትካን ፍልጠትካን ክተሰፍሕ ዘድልየካ እንተኾይኑ ይበርሃልካ። ምናልባት፥ መምርሒ፡ ትምህርቲ/ስልጠና፡ ናይ ስራሕ-ልምምድ (ፕራክቲክ) ወይ ገምጋም ናይ ዘለካ ትምህርቲ (validering) የድልየካ ይኸውን።

ብመንገዲ እቲ ፎርም ኣቢልካ ንሞያኻ ዝምልከት ጠለብን ነዓኻ ዝሰማማዕ ሞያን ኣብ ሽወደን እንተሃልዩ ክትፈልጥ ትኽእል።

ኣብ ሽወደንን ካብ ሽወደን ወጻኢን ዝቐሰምካዮ ፍልጠትን ዝደለብካዮ ተሞክሮን ኩሉ ይቑጸር ኢዩ። ኣብ ገምጋም (validering) ክኸውን እንክሎ ከኣ ሕሉፍ ሞያዊ ተሞክሮታትካ ምስ ንዕኡ ዝመሳሰል ሞያ ኣብ ሽወደን ብምንጽጻር ኢዩ ዝምዘን።

ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ ተመክሮታትካ ትግምግም። ሓገዝ እንተድልዩካ ከኣ ንቤት-ጽሕፈት ስራሕ (ኣርበትስፎርሜድሊንገን) ክትድውል ትኽእል ኢኻ። ዝተፈላለየ ቁጽሪ ስልኪ ደዊልካ ምስ ቋንቋ ዓረብኛ፡ ሩስያኛ፡ ትግርኛ፡ ፋርሲኛን ዝመልኹ ሰብ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ብርግጽ ደዊልካ ብሽወደን ወይ ብእንግሊዝኛ እውን ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ።

## ኣገባብ ኣመላልኣ ፎርም

### 1፡ ተመክሮ ኣልቦ

- ምናልባሽ ኣብዚ ክልሰ-ሓሳባዊ ፍልጠት ጥራይ እምበር ግብራዊ ተሞክሮ ምስዘይብልካ
- ኣብቲ ጨንፈር ሰሪሕካ ክትከውን ትኽእል ወላ እንተኾንካ፡ ኣብቲ ሞያ ግን ዘይሰራሕካ ምስትኸውን
- ተመክሮ ኣለካ ግን እንታይ ከምዝኾነን ከመይ ከምዝግበርን ዘይትዝክሮ ምስትኸውን

### 2፡ ዉሑድ ተሞክሮ

- ብኡኡ ሰሪሕካ ክነስኻ ግን ናይ ነዊሕ ተሞክሮ ምስዘይህልወካ
- ዉሑድ ፍልጠት ምስዝህልወካ
- ሕጽር ዝበለ እዋን ስለዝሰራሕካ`ሞ ነብሰ-ተኣማንነት ምስዘይስመዓካ
- ሕጽር ዝበለ እዋን ልምምድ (ፕራክቲክ) ሰሪሕካ ግን ኩሉ ዓይነት ዕማማት ክትፍትን ዕድል ዘይረኸብካ ምስትኸውን
- እንዳተማሃርካ ወይ ኣብ ትምህርቲ እንከለኻ ዝፈተንካዮ ምስዝኸውን

**3፡ ጽቡቕ ተሞክሮ**

- ብኡኡ ሰሪሕካ ግን ኩሉ ዘይትኽእሎ ምስትኽውን
- ወላ ናይ ሓጺር እዋን ተሞክሮ ይኹን`ምበር መወከስታ ከምኡ`ውን ናይ ስራሕ ወረቐት-ምስክር ምስዝህልወካ

**4፡ ሰፊሕ ተሞክሮ**

- ኣብቲ ሞያ ነዊሕ (ብዉሕዱ ናይ 1-ዓመት) ተሞክሮ ምስዝህልወካ
- ኣብቲ ሞያ ግብራዊ ፍልጠት ኣለኒ ኢልካ ምስትግምግም

**5፡ ኣዝዩ ሰፊሕ ተሞክሮ**

- ኣብ ቦታ ስራሕ ብቐጥታ ከም ሓላፊ፡ ከም ሓለቓ ወይ ከም ከኢላ ክትፍተን/ክትሰርሕ ምስትኽእል
- ናይ ስራሕ መደባት ምድላውን ምምዕባልን ተሞክሮ ምስዝህልወካ ከምኡ`ውን ናይ ምምሕዳርን ምምራሕን ተሞክሮ ምስዝህልወካ
- ከመይ ገይሩ ስራሕ ከም ዝካየድን ከመይ ገይርካ ምሳኻ ንዝሰርሑ ከምተዋፍርን ተተባዕን ክእለት ምስዝህልወካ ከምኡ`ውን ናይ ዝርርብ ወይ ምርድዳእ ተሞክሮ ምስዝህልወካ
- ዘለዉኻ ጸጋታት ናብ ዝተፈላልዩ ፕሮጀክታት፡ ጉጅለታትን መደባት ስራሕን ናይ ምምዳብ ተሞክሮ ምስዝህልወካ

ተሞክሮኻ ከተማዕብል ምስትደሊ ንኣብነት ኣብ ኣየናይ ኣጋጣሚ ወይ ኩነታት ፍልጠትካ ክተርኢ ከምትደሊ ግሉጽ ወይ ፍኑው ጽሑፍ ተጠቐም፡፡

## ካብ ትውልዲ-ሃገርካ ዝተማላእካዮ ነጥብታት ትምህርቲ ዘስፈረ ወረቐት ምስክር ወይ ካልእ ወረቐት ምስክር ኣለካዶ?

ፍልጠታትካን ተሞክሮታትካን ብዝከኣለካ መጠን ንኣብነት ብነጥብታት ዘለዎ ወረቐት ምስክር ወይ ካልእ ወረቐት ምስክር ክተረጋግጾ ትኽእልዶ? እንተ ደኣ ነጥብታት ዘለዎ ወይ ካልእ ምስክር ወረቐት ኣለካ ኾይኑ ቤት ጽሕፈት ስራሕ ብመንገዲ UHR (Universitets- och högskoleverket) ገይሩ ንምትርጓምን ንምግምጋምን ክተሓጋግዘካ ይኽእል ኢዩ።

## ክልተ ኣብነታት ረብሓ ምምላእ ፎርም ነብሰ-ገምጋም

### ኣና ካብ ደማስቀስ (ዲመሽቕ)

ኣና ቅድሚ ናብ ሽወደን ምምጻኣ ኣብ ደማስቀስ ኣርባዕተ ዓመት ኣብ እንዳ ከዳውንቲ ድኳን ሰሪሓ። ከምኡ እውን ኣብ ኣደባባይ 14 ዓመታት ኣብ ምሻጥ ሻንጣታትን፡ ጫማምታትን ከምኡ`ውን ናይ ሰድራቤት ኣብ ገዛ ዝቦቀ-ል ኣሕምልትን፣ ሰሪሓ ኢያ። ክሳብ 6 ዓመት መባእታዊ ትምህርቲ ተማሂራ ንሽወደን ምስ መጸት ከኣ ንሱ ጥራይ እኹል መሲልዋ ነይሩ። ኣና እቲ ናይ ተመክሮታታ ፎርም ምስ መልኣቶ፡ ዋላ ናይ ካልእ ሃገር ደኣ ይኹን እምበር ናይ ሞያኣ ተመክሮታት ከም ዘለዋ ተረዲኢዋ።

ድልየታ ኣብ ንግዲ ምስራሕ ክትቅጽል ከም ዝኾነ ወሰነት፡፡ ምኽንያቱ ኣብ ድኳን ምስራሕን ምስ ዓማዊል ርኽክብን ደስ ስለ ዝብላ። ብጀከኡ ከኣ በዚ ስራሕ ንፍዕቲ ከም ዝኾነት እምነት ነይሩዋ። ኣብ ሽወደን ስራሕ ንኽትረክብ ነቲ ናይ ቀደም ተመክሮታታ ንኽትጥቀመሉ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ክትረክብ ከምእትኽእል ንመራኸቢ ስርሓ (ሃንድሌጋረ) ሓተተቶ።

ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ስራሕ (ኣርቤትፎርመድሊንገን) ገምጋም (validering) ገይራ፣ ብድሕሪኡ ንሸወደን ዝሰማማዕ ተሞክሮታት ከም ዘለዋ ዝሕብር ምስክር ወረቐት ተዋህበት። ከምኡ`ውን ምእንቲ ምስ ዓማዊል ብዝበለጸ ክትረዳዳእ፣ ልምምድ ናይ ቋንቋ ሽወደን ክትገብር ከምዘለዋ ፈለጠት። ምስኡ ተኣሳሲሩ ከኣ ናይ ቋንቋ ዓረብ ፍልጠታ ኣብ ርኽክብ ምስ ዓረብ ዝቋንቆኦም ዓማዊል ጽቡቕ ከምዝኾነ ተገምጊሙ።

ድሕሪ ገምጋም ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ስራሕ ኣና ቋንቋ ሽወደን ኣብ ኣስአፍኢ (Sfi) ከምኡውን ናይ ሞያ ቋንቋ ሽወደን ንገለ ኣዋርሕ ተማህረት። እቲ ዕላማ ኸኣ ኣብ ናይ ክዳውንቲ ድኳን ስራሕ ንምጅማር ኢዩ ነይሩ፡ ጸኒሓ ኣብ ናይ ክዳውንቲ ድኳን ገምጋም ናይ ሞያ ብቕዓት ገበረት፡፡ ኣብኡ ነቲ ዋና ድኳን እንታይ ከምእትኽእል ኣርኣየቶ። ኣብ ናይ ስራሕ ፍልጠታ ተሞርኲሱ ብቐጥታ ስራሕ ንኽትደሊ ብቕዕቲ ከምዝኾነት እቲ ወሃብ ስራሕ ኣስተውዓለ። ስለዚ መሊሳ ኣብ ክንዲ ኣብ ካልእ ተሞክሮ ዘይብላ ሞያ ትጅምር ኣብቲ ናታ ጨንፈር ኣብ ሽወደን ክትቅጽል ከኣለት። ኣና እቲ ናይ ገለ ኣዋርሕ ጽዑቕ ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደንን እቲ ንሰለስት ሰሙን ዝገበረቶ ገምጋም ናይ ሞያ ብቕዓትን ጠቓሚ ኢዩ ኢላ ኢያ ትሓስብ። ተሞክሮታታን ትምህርታን ንምዝያድ ምኽሪ ክትወሃብ ትኽእል ነይራ፡ ግን ኣየድለየን።

### ኣሕመድ ካብ መቓድሾ

ኣሕመድ ወዲ መቓድሾ እዩ፡፡ ኣብ ከባቢ መቓድሾ ሸውዓተ ዓመት ከም ናይ መኪና መካኒክ ሰሪሑ። ሓወብኡ እዩ ምሂርዎ፡፡ ድሕሪ ናይ ነዊሕ ናይ ትምህርቲ ዓመታት፣ ኩሉ ዘማልእ ስራሕ ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ናይ ሓደ ዓመት ናይ መኪና መካኒክ ትምህርቲ ስልጠና ወሰደ። ድሕሪ ትምህርቲ ከም መካኒክ ናይ መጓዓዚ መኪና፡ ኣውቶቡስን ናይ ጽዕነት ማኪናን ኮይኑ ክሰርሕ ጀመረ።

ናብ ሽወደን ምስ መጸ ቋንቋ ሽወደን ዘይክእል ስለዝነበረ ከም ናይ መኪና መካኒክ ኮይኑ ክሰርሕ ዝኽእል ኣይመስሎን ነይሩ። ነዚ ናይ መጽናዕቲ/ዳህሳስ ወረቐት ምስ መለአ ግን ነቲ ኣብ ሽወደን ንሞይኡ ብዝምልከት ዘድሊ ጠለባት ዳርጋ ንኹሉ ከም ዘማልኦ ተገንዘበ።

ኣሕመድ ከም ናይ መኪና መካኒክ ተሞክሮታቱ ንክግምገመሉ እንዳተጸበየ እንከሎ፣ ቋንቋ ሽወደን ተማሂሩ። ኣብ ሽወደን ስራሕ ንኽረክብ ናይ`ቲ ሞያ ፍልጠት እኳ እንተሃለዎ፣ ብዛዕባ ገለ-ገለ መዳያት ሕጊ ትራንስፖርት ወይ ትራፊክን መምርሒታትን ግን ኣፍልጦ ከምዝጎድሎ ክርዳእ ክኢሉ። ስለዚ ነቲ ዝጎደሎ ኣፍልጦ ንምምላእ ሕጽር ዝበለ ትምህርቲ/ስልጠና ወሰደ።

ኣሕመድ ጽንሕ ኢሉ ከም ናይ መኪና መካኒክ ስራሕ ረኺቡ። ቋንቋ ሽወደን ምስ ደቂ ስርሑን ዓማዊልን እንዳተዛረበ ኣማዕበሎ። ምሸት ምሸት እውን ቋንቋ ሽወደን ምምሃር ቀጸለ።

## በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽበና ትኽእል

እንተደኣ ግዱስን ብዝያዳ ክትፈልጥን ትደሊ ኾይንካ ብቁጽሪ ስልኪ 0771-416 416 ደዊልካ ክትረኽበና ትኽእል። ኣብቲ ነዓኻ ዝቐረበ ቤት-ጽሕፈት ስራሕ (ኣርበትስፎርመድሊንገን) መጺእካ`ውን ክትረኽበና ትኽእል ኢኻ። ኣብዞም ዝስዕቡ ቁጽሪ ስልክታት ብምድዋል ክትረኽበና ትኽእል፡

ዓረብኛ 0771-86 01 01
ሩስያኛ 0771-86 01 05
ሶማልኛ0771-86 01 03
ትግርኛ 0771-86 01 04
ፋርስኛ 0771-86 01 02

Arbetsförmedlingen

## ፎርም ነብሰ-ግምገማ
### ናይ ሞቶር ወይ መካይን ኢንዱስትሪ

| ብቕዓት ወይ ፍሉይ-ክእለት | 1-5 (ተመክሮ ኣልቦ – ብጣዕሚ ዓቢ ተመክሮ) |
| --- | --- |
| ዓማዊል ኣብ ምርኻብ ወይ ምቕባል ንፉዕ ኢየ | 1 2 3 4 5 |
| ኣብ ኣጸጋሚ/ኣዋጣሪ ኩነታት ኣይርበሽን ኢየ | 1 2 3 4 5 |
| ኣብ ትሕቲ ወጥሪ ወይ ጸቕጢ እንከለኹ ስርሐይ ክፍጽም ይኽእል | 1 2 3 4 5 |
| ብዛዕባ ናይ ስራሕ ሃዋሁን ትርጉሙን ኣፍልጦ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ኣብ ቦታ ስራሕ ብሕግታት ናይቲ ቦታ ተማእዚዘ ክሰርሕ እኽእል ኢየ | 1 2 3 4 5 |
| ኣነ ንወሃብ ስርሐይ ተኣማኒ ኢየ | 1 2 3 4 5 |
| ናይ ስራሕ ቦታይ ብጽፈትን ብጽሩይን ገይረ ይሕዞ | 1 2 3 4 5 |
| ኣብ ነብሰይ ተኣማሚነ ስጉምቲ/ውሳኔ ናይ ምውሳድ ልምዲ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| **ተሞክሮታት** | |
| ንበይንኻ ምስራሕን ባዕላዊ ውሳኔ ናይ ምውሳድን ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ምስ ካለኦት ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ከም መራሕ-ስራሕ/ሓላፊ ኮይንካ ናይ ምስራሕ ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ኣብ ናይ ነኣሽቱ/ናይ ገዛ/መዛወሪ መካይን ጉድለታት ወይ ዝተበላሸወ ነገር ኣለሊኻ ናይ ምዕራይ ተሞክሮ/ክእለት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ኣብ ናይ ጽዕነት መካይን ጉድለታት ወይ ዝተበላሸወ ነገር ኣለሊኻ ናይ ምዕራይ ተሞክሮ/ክእለት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ኣብ ናይ ቱግቱግ (ሞተርሳይክል) ጉድለታት ወይ ዝተበላሸወ ነገር ኣለሊኻ ናይ ምዕራይ ተሞክሮ/ክእለት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ጌጋ ወይ ግጉይ ኮድ ንምንባብ ዝጠቅም/ዘገልግል ኤሌክትሮኒካዊ መዐቀንን መፈተንን ንዋት/ኣቕሓ ናይ ምጥቃም ተሞክሮ/ክእለት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ናይ መኪና ኮምፒዩተር ፕሮግራም ኮድ ናይ ምቕያር ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ኣብ ናይ ፕሮቶኮል ስምምዕ ዝምርኮስ ኣገልግሎት ናይ ምግባር/ምሃብ ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ናይ ነኣሽቱ/ናይ ገዛ/መዛወሪ መካይን ጎማ ምቕያር ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ናይ ጽዕነት መካይን ጎማ ምቕያር ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ናይ ቱግቱግ (ሞተርሳይክል) ጎማ ምቕያር ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |

| | |
|---|---|
| ናይ ቤትሮ ምዕራይ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ናይ ሞቶረ ቺንጊያ ናይ ምቕያር ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ፍረስዮነ/ክላች/ጊር ናይ ምቕያር/ምጽጋን ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ካሮሰሪያ ወይ ክፋላት-ቅርጺ መኪና ናይ ምዕራይ ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ከም ጂፒኤስ (GPS) ወይ ስቴሪዮ ዝኣምሰሉ ኤሌክትሮኒካዊ ንዋት ኣብ ተሽከርከርቲ መካይን ናይ ምትካል/ምልጋብ ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ቱግቱግ (ሞተርሳይክል) ናይ ምምሕያሽ/ምምዕባል ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ናይ ቱግቱግ (ሞተርሳይክል) ስርዓት መውጽኢ-ትኪ ናይ ምዕራይ/ምቕያር ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ኣብ ማሺናት ጉድለት ወይ ዝተበላሸወ ነገር ፈቲሽካ ናይ ምዕራይ ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ናይ ደገ/ግዳም ወይ ፊልድ መካኒክ ስራሕ ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ናይ ምልሓምን ማሕጎዳን (ምቕጥቃጥ ሓጺን) ተሞክሮ ስራሕ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ተሽከርከርቲ-መካይን ናይ ምልሓም ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ናይ ተሽከርከርቲ-መካይን መላገቢ (ባምፐር) ናይ ምዕራይ ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ተሽከርከርቲ ቦያ ናይ ምልካይ ወይ ምልማጽ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ፈሳሲ (ኦልያ) ገይርካ ተሽከርርከርቲ ናይ ምዝያት/ኦልያ-ምግባር ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ናይ ተሽከርከርቲ-መካይን ፍሉይ ክፋላት ብኦልያ ናይ ምልካይ ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ናይ ተሽከርከርቲ-መካይን ፕላስቲካዊ ክፋላት ናይ ምዕራይ ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ንተሽከርከርቲ ብላሜታ ወይ ረቂቕ-ሓጺን/ዚንጎ ገይርካ ናይ ምሽፋን ስራሕ ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ኣብ ናይ መካይን ቅያር-ኣቕሑ ዝሸየጠሉ ድኳን/መኻዚኖ ናይ ምስራሕ ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ኣብ ገራጅ ናይ መካይን ቅያር-ኣቕሑ ናይ ምስራሕ ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ብቴሌፎን ዝግበር ናይ መካይን ቅያር-ኣቕሑ መሸጣ ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ንጋራጅ (መኪና) ዝኸውን ኣቑሑ ብምጥላብ ናይ ምዕዳግ ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ንድኳን/መኽዘን (መኪና) ዝኸውን ኣቑሑ ብምጥላብ ናይ ምዕዳግ ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| ናይ ምጥላብ ኣቑሑን ምቕባል ጠለባትን ተሞክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |

Arbetsförmedlingen

ኣብዚ ፎርም ዘይኣተወ/ዘይተጠቓለለ ናይቲ ኢንዱስትሪ ጽቡቕ ተሞክሮታትካ ወይ ክእለታትካ ኣብዚ ጸሓፍ።